
## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ኢየሱስ ንሓደ ዕውር ከም ዘሕወየ




ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ



ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org




©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




በርጤሜዎስ (ባር-ቲም-ኣየስ) ኣብ ጥቓ ኢያሪኮ ኣብ ደረት መገዲ ኾፍ ኢሉ ዝልምን ዝነበረ ዕውር ሰብኣይ እዩ፡ ገሊኦም ሕያዎት ሰባት ኪሓልፉ ኸለዉ ሳንቲም ወይ ድማ ምግቢ ክህብዎ ይልምን ነበረ፡ በርጤሜዎስ ኪርእዮ ስለ ዘይከኣለ ኪሰርሕ ኣይከኣለን ክልምን ጥራይ እዩ ዚኽእል ነይሩ ።



ሓደ መዓልቲ እቲ ጽርግያ ብብዙሕ ሰብ መልአ በርጤሜዎስ ድማ ድምጺ ናይ ብዙሓት ሰባት ክኸዱ ከለዉ ሰምዕ፡ እዚ ድማ ዘይተለምደ ፍጻሜ ኢዩ ነይሩ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ድማ እቲ ነገር እንታይ ምዃኑ ፈለጠ። ኢየሱስ በዓል ናዝሬት ኣብታ ከተማ ነበረ፡ ብዙሓት ሰባት ድማ ኪርእይዎን ኪሰምዕዎን ተኣከቡ ።




3

"ኢየሱስ ወዲ ዳዊት ምሓረኒ" ኢሉ ጨደረ፡ በርጤሜዎስ ስለምንታይ ኢየሱስ ከም ዘደሕኖ ሓሲቡ ? ምናልባት ብዛዕባ እቶም ኢየሱስ ዘሕወዮም ሰባት ሰሚዑ ነይሩ ይኸውን ። ገሊኦም ጸማማትን፡ ገሊኦም ዓባሳት፡ ገሊኦም ስንኩላት፡ ገሊኦም ከኣ ዕዉራት ኢዮም ነይሮም ። በርጤሜዎስ "ወዲ ዳዊት ምሐረኒ" እንዳበለ ብተስፋ ብተደጋጋሚ ጨደረ።




4



በርጤሜዎስ ብዛዕባ ሓደ ነገር ርግጸኛ ነይሩ፡ እቲ ሓገዝ ሕጂ እንተ ዘይረኺብዎ፡ እዚ ኣጋጣሚ ደጊሙ ኣይክረኽቦን ኢዩ፡ ኢየሱስ በቲ መንገዲ ፈጺሙ ከይሓልፍ ይክእል ኢዩ፡

5




በርጤሜዎስ ናብ ኢየሱስ ክቀርብ እኳ ኣንተደለየ፡ እቶም ህዝቢ ምሕላፍ ከልከልዎ ስቕ ኪብል ድማ ኣጠንቀቕዎ።

6




በርጤሜዎስ ግና ስቅ ኣይበለን፡ ዓው ኢሉ ግን ደጋጊሙ ጨደረ፡ ኢየሱስ ድንገት ደው ብምባል፡ ድምጹ ሰምዐ፡ ነቲ ዕውር ሰብ ኣይ በርጤሜዎስ ናብኡ ከምጽእዎ ኣዘዞም፡ እቶም ሰባት ድማ ንበጤሜዎስ ኣጆኻ! ተንስእ ይጽውዓካ ኣሎ በሎዎ።




7

በርጤሜዎስ ክዳኑ ሓዲጉ ተንሲኡ ናብ ኢየሱስ መጸ።



8


ኢየሱስ ድማ "እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ" ኢሉ ሓተቶ። ንስኻ እንተ ትኸውን እንታይ ኢልካ ምመለስካ፡ ብዙሕ ገንዘብ ወይ ጽቡቕ ሓድሽ ክዳውንቲ ምሓተትካዶ፡ በርጤሜዎስ ከምኡ ድዩ ዚደሊ ነይሩ፡
9
ኣይፋሉን እቲ ዕዉር በርጤሜዎስ ኢየሱስ ወርቂ ወይ ጽቡቕ ክዳውንቲ ኺህቦ ኣይሓተቶን። እንታይ ከም ዚደሊ ትፈልጥ ኢኻ ።
10
"ጐይታይ ክርእይ ይደሊ ኣለኹ" በርጤሜዎስ ኪርእዮ ደለየ! ንኣእዋምን ንኣዕዋፍን ንኹሉ ጽቡቅ ፍጥረት ኣምላኽን ክርእይ፡ ክልምን ዘይኰነስ ገዛእ ርእሱ ምእንቲ ክከናኽን ኺርኢ ደለየ ።
11
ድሕርዚ ኢየሱስ ንበርጤሜዎስ ‘’ ርአ ‘’ እምነትካ ኢያ ኣድሒናትካ በሎ።
12
ብኡብኡ ድማ ርኣየ ንኢየሱስ ውን ሰዓቦ፡ እቲ ክብሎ ዝኽእል ድማ "ኣምላኽ ዜደንቕ ነገር ገይርለይ ኢየ፡ ኣምላኽ ኣሕውይኑ ኢዩ" እዚ ኣጋጣሚ ንበርጤሜዎስ ኣዝዩ ብሉጽ ኢዩ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ።
13
ኵሎም እቶም ህዝቢ እዚ ምስ ረአየ፡ እንደገና እቲ ዘደንቅ ሓይሊ ኣምላኽ ብ ወዲ ብኢየሱስ ን ሓደ ምስኪን ለማኒ ከም ዝርእይ ስለ ዝገበሮ ን ኣምላኽ ኣመስገንዎ።
14

ኢየሱስ ንሓደ ዕውር ከም ዘሕወየ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማርቆስ 10 ሉቃስ 18 ዮሃንስ 9

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፣130



# መፈጸምታ

50

60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16